# ናይ መሪሕነት ሱር ነቀል ለውጢ ወይስ ተተሓሒዝካ ምጽዳፍ ?

ገብረ ሥላሴ ኣርኣያ
ነሓሰ 2008 ዓ/ም




ኣብ ክልል ኣምሓራ ብፍላይ ድማ ኣብ ሰሜን ጎንደርን መተማን ኸባቢኣን ዝነብር ብዓሰርተ ኣሽሓት ዝቑጸር ህዝብና ኣብ ሓደጋ ወዲቑ ኣሎ። ኣቐዲሙ ክስምዖ ዝሓገየ ጥርዓንን መፀዋዖታን ሰማዒ ስኢኑ ድሕንነቱ ኣብ ዝኸፈአ ሓደጋ ብምውዳቑ ናብ ሱዳንን ካሊእን ፋሕ ጭንግራሕ ይብል ከምዘሎ ዘሎ ክንሰምዖን ክንሪኦን ቐኒና። ንብረቱ ተዘሚቱ፣ ተቓፂሉን ዓንዩን ኣያታቱ መስዋእቲ ዝኸፈልሉ ሃገሩ ገዲፉ ሂወቱ ጥራይ ከትርፍ ዶብ ሰጊሩ ናብ ገረቤት ሱዳን ኣቲዩ። ህዝብና ኣብ ከምዚ ዓይነት ዘሕዝን ኩነታት ስለዝርከብ ህወሓት ቐድሚ እቲ ኣብዚ ሰሙን ዝተለሞ ኣኼባታት ምግባር ናይ እኒ ገዱ ዘመቻ ምፅናት ተጋሩ ብፌደራል መንግስቲ ኣቢሉ ጠጠው ንኽብሎ ዝከኣሎ ይግበር። እዚ ግዘ ዘይህብ ጉዳይ እዩ። እዚ ካብ በልኩ ኣፍቲ ተሓሲቡ ዘሎ ኣኼባታትን ካሊእን ቖሩብ ዝመስለኒ ከካፍለኩም።

ኢህወዴግ ኣኼባታቱ ምስወድአ ኣብዚ ሰሙን ኣባላቱ ዝኾኑ ውድባት ናይ ባዕሎም ኣኼባታት ከካይዱ ከምተወሰን ይፍለጥ። ህወሓት እውን ቐድሚ ጠቕላላ ኣኼባኣ ብውዳበታት ኣቢላ ክትጅምሮ ተሓሲቡ ኣብ ኣዲስ ኣበባን ትግራይን ዘለዉ ከምዝጀመሩ ተፈሊጡ ኣሎ። ግን እዚ ኣኼባ ካፍቶም ዝሓለፉ ኣኼባታት እንታይ ይፈሊዮ? ኢልካ ምሕታት ናይ ለባማት እዩ ዝኸውን። ንዚ ሕቶ ሕድሕድ ኣባል ንጹር መልሲ ክህልዎ ይግባእ ጥራይ ዘይኮነስ ብዓይነቱ ዝተፈለየ ውጺኢት ንኽምፅእ ትፅቢትን ፃዕሪን ክገብር ይግባእ።

ብቲ ዝጸንሐ ዓይነት ኣካይዳ ክንቅፅል ከምዘይንኽእል ካብዚ ኣጋጢሙ ዘሎ ዘሕፍርን ዘሕርርን ኩነታት ንላዕሊ መረጋገጺ የለን። መራሕትና ብሓፈሽኡ ተጋሩ ካብ ዲናያል (denial) ወጺእኻ ምስቲ ኣብ መሬት ዘሎ ሓቂ ምርፃም ዝሓሸ ፍታሕ ከም ዘምፅእ ምርዳእ የድሊየና ኣሎ። ትኽክለኛ ለውጢ ኣብ ኩሉ ብርኪ ዘድሊ'ኳ እንተኾነ ብቐንዱ ግን እቲ ትኹረት ኣብቲ መንግስታዊን ውድባዊን መሳርሒ ጨቢጡ ዝርከብ ላዕለዋይ መሪሕነት እዩ ክኸውን ዘለዎ። ላዕለዋይ መሪሕነት እንተጥዒዩ ኣብ ታሕቲ ከም ዝጥዒ ጥርጥር የብሉን፤ ላዕለዋይ እንተሓሚቑ ድማ ከምቲ ዘለዎ ሕማቕ ኮይኑ ይቕፅል። ላዕለዋይ መሪሕነት ውሽጣዊ ሓድነት እንትስእን ደገፍቱን ኣባለቱን'ውን ከምቲ ሕሉፍ ይከፋፈሉ። ስለዚህ ከምቶም ዝሓለፉ ኣኼባታት ''ኣብ ዝሓለፈ እዚ ጥንካረን ድኽመትን ከምዘለና ገምጊምና ድኽመትና ንምምሕያሽ ኣጠናኺርና

ክንቅፅል ኢና’’ ዝብሉ ስታንዳርድን ዘይቕየሩ መልሲታት ምስማዕ ለሚድናዮን ሰልቺዩናን እዩ። ምኽንያቱስ እቶም ኣለዉ ዝተብሃሉ ድኽመታት ክመሓየሹ ኣይረኣናን።

ኣፍቶም ብድኽመት ዝተፈረጁ ጉዳያት ይኹን ኣባላት መሪሕነት እንትንርኢ’ኳ ሓንቲ ስጉምቲ እንተይወሰድካ ኣኼባታት ብጓይላ ምዝዛም ልሙድ ኣሰራርሓ ህወሓት ካብ ዝኸውን ነዊሕ ኮይኑ ኣሎ። ንኣብነት ኣብ መበል 12 ጉባኤ ላዕለዋይ ኣመራርሓ ህወሓት ’’ብምጥቕቓን፣ ብምጥቕቓዕ፣ ብምጉጅጃል፣ መትከላዊ ዘይኮነ ርክብ ብምፍፃም፣ ብክራይ ኣካብነት …’’ ወዘተ ዝግለጸሉ ኩነታት ከምዘሎ ንርእሱ ገምጊሙ ከብቅዕ ንቲ ብኸምዚ ዓይነት ዝተገምገመ መሪሕነት ተመሊሱ ተመራሪጹ ኣኼባ ብጓይላ ተዛዚሙ። ህዝቢ ሒዝካ ንምጥፋእ ተዘይተደሊዩ ሎሚ እዚ ክድገም የብሉን። እንተተደጊሙ ጥፍኣት ህዝቢ ትግራይ ምእዋጅ ምዃኑ ሕድሕድ ኣባል መሪሕነትን ኣባላትን ክርዳእ ይግባእ። ስለዚህ ካብዚ ኣኼባ ህዝብና ዝጽበ ካፍቲ ልሙድ ዝተፈለየ ከምዝኾነ ክፍለጥ ኣለዎ። ብኻሊእ ኣባህላ እዛ ተጀማሚራ ዘላ ኣኼባ ኣብ መሪሕነትን መንግስታዊ መሓውራቱን ሱር ነቀል ለውጢ ሒዛ ተዘይመጺኣ እሞ ህዝብና ካሊእ መመራጺ ሃሰው ንምባል እንተተገደደ ዝገርም ኣይኸውንን።

**ዕንጭቕና ይኣክል**

ናይ ውድብ ኣኼባታትስ ይካይድ ጽቡቕ። ግና ኣብዚ ጉዳይ ህዝቢ እንታይ ይብል ከምዘሎ ምፍላጥ ዶ ኣይምተገበኣን? ብፍላይ ድማ ነዚ ዘሎ ኩነታት ዝከታተሉዎ ሙሁራን እንታይ ሪኢቶታትን ትንታነን ምኽሪን ከምዘለዎም ንምስማዕን ንምቕባልን መድረኽ ንምፍጣር ንምንታይ ዘይተደለየ? ካባና ንላዕሊ ዝፈልጥ የለን ዝብል ዕንጭቕና እንተኾይኑ ሀዚውን ኣብ ሓደጋ ኣለኹም ንብለኩም። ኣንቱም ሰባት ትግራይ እኮ ብዙሓት ፈላጣትን ንህዝቦም ዝግደሱን ተጋሩ ወሊዳ እያ። ሙሁራትን ህዝቢ ወልቃይትን፣ ኣብርሃ ጅራን፣ ሽንፋን ክብሎ ዝሓገየ መስጠንቀቕታ ብእዋኑ እንተትሰምዑን ግቡእ ምላሽ እንተትህቡን ነይርኩም ሎሚ ኣብዚ ኣቲናዮ ዘለና ኣዘቕቲ ኣይምኣቶናን።

ኣንቱም ኣብ ኣመራርሓ ዘለኹም ኣሕዋትን ኣሓትን ካፍቲ ኣሲሩኩም ዘሎ ዘየዛልቕ ምቾት (confort zone) ወጺእኹም ሱር ነቀል ዝኾነ ለውጢ ክትገብሩ ትፅቢት ይግበረኩም ኣሎ። ሙሁራትን ሰብ ሃፍቲን ትግራይ ፀዊዕኹም ንምዛራብ ትብዓት ይሃልኹም። እዚ ክትገብሩ እንተደፊርኩም ድማ ብኣዋጅ ንኹሉ ክትዕድሙ ይግባእ። ንይምሰል ተትፈልጡዎ ሰብ ጥራይ እንተፅዊዕኹም ግና ተኣካቢ ካባኹም ዝተፈለየ ሓሳብ ክህሉዎም ኢልካ ኣይግመትን። ንሱ ድማ ውጺኢቱ እቲ ንሪኦ ዘለና ስለዝኾነ ንለውጢ ዝሕግዝ ኣይኮነን። ሓደ ንህዝቢ ጠጠው ኢለ ኣለኹ ዝብል ውድብ ናይ ህዝቢ ሪኢቶ ክፈርሕ እንተጀሚሩ ነገር ተወዲኡ ኣሎ ማለት እዩ። ብሉፅ ሓሳብን ትንተናን ብቕንዕና ምቕባልን ምጥቃምን ናይ ዓርሰ እምነት መግለጺ እምበር ናይ ዘይምፍላጥ ምልክት ኣይኮነን። ኣብ ዓለምና ኣለዉ ዝበሃል ገዘፍቲ መራሕቲ ኣብ ሕድሕድ ጉዳይ ኣማኻሪ ኣለዎም። እዚ ዝገብር ፖለቲካዊ ሓይሊ ዕድሚኡ ናይ ምንዋሕ ዕድሉ ሰፊሕ እዩ። እዚ ድማ ትጸልኡዎ ኣይመስለናን።

**ህዝብና ዘድሊዮ ዘሎ**

እስካብ ዝርድኣና እዚ ፅኑዕ ህዝቢ ውድብ ይቀየረለይ ዘይኮነስ ትተዓረለይ ነበለ እዩ ፀኒሑ። ኩነታትና እንተዘይተቐሮም ከምኡ ኢሉ ከምዘይቕጽል ርዱእ ክኸውን ኣለዎ። ኣብዚ እዋን ህዝቢ ትግራይ ብሉፅን ዓቕሚ ዘለዎ መሪሕነት የድሊዮ ኣሎ። ውፍያትን ነብሶም ዝረስዑን መራሕቲ ይደሊዮ ኣሎ። ከምቲ ኣብ ብረታዊ ቓልሲ ኣነ ክሞት ንስኻ ፅናሕ ናተብሃለ ዘስደምም ታሪኽ ዝተሰርሐ ሀዚ’ውን ካባይ ንስኻ/ኺ ዝበለጸ ዓቕሚ ኣለካ/ኪ ኢሎም ቦትኦም ንብዓል ዓቕሚ ዝለቁ ኣባላት መሪሕነት የድሊዮ ኣሎ። ብሰንከይ ህዝቢ ትግራይ ይጉዳእ ኣሎ ታሪኸይ ከይፅይቕ ኢሉ ብፍቓዱ ካብ ስልጣን ዝገልስ ተባዕ መሪሕነት የድሊዮ ኣሎ። ተበለጽቲን ክራይ ኣከብቲን ዘይኮነስ ዴሞክራሲያዊ ፅኑዕ ህዝባዊን እምነት ዘለዎም ተተካእቲ የድሊዮ ኣሎ። ህዝቢ ትግራይ ዓው ኢሉ ዘእውየሉን ዝሕለቐሉን ተመራጺ ይደሊ ኣሎ። ህዝቢ ትግራይ ኣብ ዝኾነ ይኹን እንትጉዳእ ብዘይ ስኽፍታ ሽሙ ፀዊዑ ዝጣበቐሉ መሪሕነት የድሊዮ ኣሎ።

እቶም ፎቐዶ ጭንግራሕ ዝብሉ ዘለዉ ሰብ ሃፍቱን ሙሁራቱን ኣኪቡ ንምስራሕ ምችው ባይታ ዝፈጥረሉ መሪሕነት የድሊዮ ኣሎ። ህዝብና ክልሉ ብቕልጡፍ ኣማዕቢሉ ድኽነት ዘጥፈኣሉን ፎቐዶ ናኸደ ካብ ምጉናይን ምሕሳርን ዘድሕኖ መሪሕነት ይደሊ ኣሎ። ህዝብና መናእሰይ ደቁ ካብ ስራሕ ስእነትን ስደትን ዘናግፎ መሪሕነት የድሊዮ ኣሎ። ንህዝቢ ትግራይ እዚ እውን እንትንእሶ እዩ። ደቁ መሪቑ ንመስዋእቲ ዘቕረበን ኩለንተንኡ ንዛ ሃገር (ኢትዮጵያ) ዘወፈየን ተባዕን ዓቕላምን ህዝቢ ካሕስኡ ሰላምን ራህዋን፣ ፖለቲካዊን ቑጠባዊን ሓርነትን፣ ፍትሕን ዴሞክራሲያዊ ስርዓትን እምበር ብማንም ትምክሕተኛታት ዝድፈር፣ ብድኽነት ዝሳቐ፣ ብልምዓት ንድሕሪት ዝተረፈ፣ ብስራሕ ስእነት ዝሳቐ፣ ፍትሒን ሰናይ ምምሕዳርን ዝሓረሞ ካብኡ ሓሊፉ ድማ ጀኖሳይድ ዝእወጀሉ ህዝቢ ክኸውን ኣይመተገብኦን።

**ዝገርመኒ ዘሎ**

ሙሁራትን ሰብ ሃፍቲ ተጋሩ ኣብ ወገኖም እዚ ኹሉ ሽግር ናበጽሐ ኣብ ገዝኦም እስካብ ዝኣቱ ሱቕ ምባሎም እዩ። ግልጺ ከኸውን ዘለዎ እዚ ተፈጢሩ ዘሎ ሽግር ኣብ ህወሓት ዝተሓፀረ ኣይኮነን ንህዝቢ ትግራይ ብጠቕላልኡ እምበር። መፍትሒኡ እውን ምንም'ኳ ኣብ ኢድ መንግስቲ ዘሎ እንተኾነ ሙሁራትን ሰብ ሃፍቲን ትግራይ እውን ብዝተፈላለየ ኣገባብ ገይሮም ቐሊል ዘይበሃል ተፅዕኖ ምፍጣር ይኽእሉ እዮም። ከም ንሪኦ ዘለና ግን ኩሉ በቢገዝኡ እንዳ ሻሂን ኮይንካ ካብ ምዝራብ ዝሓልፍ ነገር ኣይገበረን። እዚ ብህጹፅ ክቕየር ዘለዎ ጉዳይ እዩ። ኣብዛ ሃገር ሓደጋ እንተመጺኡ ቐንዲ ተጎዳእቲ ኣብ ጽቡቕ መነባብሮ ዘሎ ክፋል ሕብረተሰብ እምበር እቲ ድኻማ ኣይነበሮ ኣይጠፍኦ ነገር እዩ ዝኸውን። ስለዚህ ንቲ ተፈጢሩ ዘሎ ሓደጋ ንምቕልባስ መንግስቲ ብብቕዓት ሓደ ነገር ክገብር ድምጹ ዓው ኣቢሉ ከእውዩ ዘለዎም ሙሁራትን ሰብ ሃፍቲን ምኳኑ ክርሳዕ የብሉን ኢልና ንኣምን።

እቲ ዘሕዝን ህዝቢ ትግራይ ተጠቃዒ ክንሱ በደልቱ ተገልቢጦም ይኸሱዎን ተወሳኺ ጥቕዓትን ናይ ዘርኢ ምጥፋእን ንኽፍፀሞ ብኹሉ ዓይነት መራኸቢ ሓፋሽ ፃዊዒቶም እንትቕፅሉ ብርዕን ኢንቴርነትን ተጠቒምና እዚ ሓደግኡ ንምቕናስን ህዝብና ዘለዎ ህሉው ኩነታት ሓቂ ንምቅላዕን ዝግበር ዘሎ ፃዕሪ ብዘሕፍር ደረጃ ድኹም እዩ። ሙሁራንን ሰብ ሃፍቲን ተጋሩ ንቲ ኣጋጢሙ ዘሎ ናይ ዘርኢ ምጥፋእ ጥቕዓት ኣብ መራኸቢ ሓፋሽ ወጺኦም ዘይኽንኑዎን ንዝምልከቶም ኣካላት ፃውዒት ዘይገብርሉን ምኽንያት ርዱእ ኣይኮነን። ኣብዞም ዝሓለፉ 25 ዓመታት ኣብ ህዝብና ተደጋጋሚ ጥቅዓት እንትበፅሕ ሱቕ ምባልን ካብ ሓሊፉ ድማ ኩሉ መፍትሒ ካብ ውድብን መንግስቲን ምፃባይን ዝተለመደ ኮይኑ ፀኒሑ እዩ። ሀዚ ውድብ ይኹን መንግስቲ በይኖም ህዝቢ ካብ ዘርኢ ምፅናትን ተመሳሳሊ ጥቕዓትን ከም ዘይድሕኑና ተረዲእና ክንከውን ተስፋ ንገብር። እዚ ናይ ሱቕታን ተፃባይነት ባህሪን ኣብዚ ተሰይሩ ናይ ህዝብና ሽግር ዓው ኢልና ክናቃልዕ ይግባእ።

**ሱቕታ መንግስታዊ መራኸቢ ሓፋሽ**

ምእንተ ርእሱን ካልኦት ኣሕዋት ህዝብታት ክብል ልዕሊ ስድሳ ሺሕ ሂወት ደቁ ዝኸፈለ፣ ልዕሊ ሚኢቲ ሽሕ ኣካሉ ዘጉደለ፣ ማእለያ ዘይብሉ ሃፍቱን ጥሪቱን ዝኸፈለ ህዝቢ ናይ ዘርኢ ምፅናት ዝኣክል ወንጀል ናተፈጸመና (እሞ ድማ ክልላዊ መንስግቲ ኣምሓራ ኢዱ ዘእተወሉ) እተን ናይ ማንቸስተርን ባርሴሎናን ኩዑሶ ፀዋታን ተፃወቲን ናተረኻልና ዝውዕላ ብፌደራል መንግስቲ ዝምርሓ ራዲዮን ቴሌቭዥንን እኳ ክዛረባሉ ዘይምድፋረን ዘደንጽው ጥራይ ዘይኮነስ ከም ዜጋታት ናይዛ ሃገር ኣዚዩ ከተሓሳስብና እዩ ዘለዎ። ዜጋታትና ካብ ዶባት ዓድና ብሻዕቢያ እንትጥለፉ ንህዝቢ ጠጠው ኢለን ዝበሃላ መንግስታዊ መራኸቢ ሓፋሽ ኣፍ ኣፍ ልጓም እንትብላ ብናይ ወፃኢ ራዲዮ ምስማዕና ዘተሓሳስብ እዩ። ተጋሩ ኣብ ሽንፋን ኸባቢኡን ንብረቶም እንትምዝዑ፣ እንትቃጸልን ሂወቶም ኣብ ሓደጋ እንትኣቱን እስካብ ሎሚ ሚዲያታት ሃገርና ተይተዛረባሉ ካልእ ዝገደደ ሓደጋ በጺሑና። ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰል ኢትዮጵያ ቕድም ክብል ኣብ ተጋሩ ዝበጽሐ ኸቢድ ሓደጋ እናፈለጠ ተጋሩ ንምባል ተጸይፉ ''ኣንዳንድ በኣካባቢው ነዋሪ የሆኑ ውሁዳንም የጥቃቱ ሰለባ ሆኗል'' ክብል ናይ 5 ሚኢቲ ተጋሩ ጥቕዓጥ ብሓንቲ መስመር ሓሊፉዋ እዩ። እዚ ኹሉ ዝኸውን ንትግራይን ህዝባን ዝምልከት እንትኸውን እዩ። እቲ ሓቂ እዚ እንዳሃለወ እሞ መንግስቲን ውድባትን እውን ሱቕ እንትብሉ ሙሁራትን ሰብ ሃፍቲን ሱቕ ዝብልሉ ኩነታት ምርኣይ ኣዚዩ ዘተሓሳስብ እዩ።

**ህጹጽ ስጉምቲ**

ከምቲ ልዕል ኢሉ ዝተጠቐሰ ኣብ ክልል ኣምሓራ ዘሎ ህዝብና ካብ ዘርኢ ምፅናት ከምልጥ ንብረቱን ጥሪቱን ገዲፉ ፍኞዶ በረኻታት ፋሕ ጭንግራሕ ይብል ኣሎ። ገለ ዕድለኛታት ሱዳንን ትግራይን እንትኣትዉ ዝበዝሕ ህዝብና ግን ሀዚውን መውጽኢ ስኢኑ ኣብ ትሕቲ ሓደጋ ይርከብ። ዋላኳ መከላከሊ ሰራዊት ሃገርና ኣፍቶም ኸባቢትታ ይሃልዉ እምበር እቲ ጥቕዓት መሊኡ ጠጠው ከምዘይበለ ካፍቲ ኸባቢታ ብስልኪ ርክባት ገይርና ኣረጋጊጽና ኢና። ንዙይ ጠጠው ንምባል ነኒኽእሉ ንግበር። ንመንግስቲ ፃዊዒት ካብ ምግባር ጀሚሩ እስካብ ማሕብረሰብ ዓለም ክፍልጦ ፃዕሪ ይገበር ንብል።

ንሱ ከምዘሎ ኮይኑ እዚ ሪሂጹ በላዕ ዝኾነ ህዝቢ ንልዕሊ ሓደ ወለዶ ደኺሙ ዘፍረዮ ሃፍቲን ጥሪትን ብዘርኣኛታት ተወለድቲ ክልል ኣምሓራ ኣብ ቅድሚ ናይቲ ክልል መንግስቲን ናይ ፀጥታ ኣካላትን ተዘሪፉን ዓኒዎን ኣሎ። እዙይ እንትበፅሕን ዜጋታት እንትጥቅዑን ሓንቲ ናይ ምክልኻል ተራ ዘይነበሮ መንግስቲ እቲ ክልል ሓላፍነት ክሕተትን ንዝጠፍአ ንብረትን ሂወትን ምፍንቓልን እውን ሙሉ ካሕሳ ንክህብ ንፌደራል መንግስቲ ፃዊዒት ክቐርብ ይግባእ ንብል።

ተጋሩ ሓድነትና ይጠንክር!